# ሚኒስተር ምክልኻል። መዓስከር ተልሽ!!!

ሚኒስተር ብኾፉ ተላህዩ
ዘብ-ዘብ ከይበለ ብድቁሱ ኢዩ ጎዩ
ንኹሉ ቀዲምዎ ኣብ ጫፍ ዓወት ተራእዩ፣

ሚኒስተር ኮርኪሕዎ መደቀሲ
ሃሰስ ኢሉ ምስ ሰኣነ ማእሲ
ዓራት ዘይብሉ ምስ ሰኣነሉ ንእዲ
ንገድሊ ራሕሪሕዎ ቀይሩ መንገዲ፣

ሚኒስተር።-
ጽምኢ ጥምየት ምስ በርትዖ
ምንባር ብኹናት ኮይኑ ምስ ረትዖ
ንገድሊ ብበለጽ ከትተዖ
ጽንዓቱ ኣምኪኹ ንያቱ ምሰዕረበ
ሴማ-ኖፍ ገዲፉ ንጀርመን ተዓርበ፣

ሚኒስተር።-
ከየጻልት ሽምጊሉ
ነቲ ሀይወት ከይመስል ተኻኢሉ
ኣብ ዓዲ ፈረንጂ ጋቢ ተኾልኪሉ
40 ዓመቱ ተነጺሉ ሓኪሉ ሚኒስተር!!!

ሚኒስተር።-
እቲ ዘሕዝን ኣይ ካብ ቋንቋ
ኣይ ካብ ስራሕ ጣቋ
እኳ ሓንቲ ዘይምኽኣሉ
ሕማም ደግሲ ሒዝዎ እንተኾነሉ
ሚኒስተር ክኸውን ቢሂት እንተተመሰለሉ
2 ግዜ ከይሓሰበ ካብ ጀርመን ሃሊሉ
ብዘይሕንከት ኢዩ ኣዲስ ኣበባ ዊዒሉ
ምርጋእ ኣይክእልን'ዩ ከምኡ'ዩ ኣመሉ፣

ሚኒስተር።-
ሚኒስተርነቱ ከጸንብል ሚእቲ ኤውሮ ኣቐቢሉ
ኣፈኛ ተጸዊዑ ኣዛዚ ኮይኑ ተቐቢሉ ብኹሉ
ምስ ተንኮበተ ተልሽ ተዓኽሊሉ
በልናከን ክብል ዝሓድር ዘይ ብድቁሱ እንደኣሉ
ኪኖ ጥሜት ጉሳዕ ሃፋን ተስፋን ኢዩ ሓይሉ፣

ኣንቱም ሰባት።-
ንሚኒስተር ዘይተደንገጸሉ
ንመን ደንጊጽካ ይብከየሉ
ሓሸኡ ሚኒስተረየ ሓቢርና ነልቅሰሉ
ዘሎ መሲልዎ 'ምበር ሞይቱ እንከሎ'ዩ ተማህሊሉ
ጽድቂ እንተኾነኩም ዕሽር ጸበል ኣውድቑሉ፣

ሚኒስተር ለዋህ ኢዩ ዝርንዝሕ ዝነብዕ
ይሓስብ ብእንትልፋፍ ከጥቅዕ
ብናይ ደባይ ስሪሒት ክወቅዕ
መዓስከራት ክድምስስ ብተርግእ
ሰራዊት ወዲቡ ኣብ ጎልጎል ዘይጾምእ

ደኺመ ዘይብል ዘይጠሚ
ከይበልዐ ዝመንዐ ጎዛሚ
ንእስነቱ ዝተሓሰሞ ኣብ እርጋኑ ደጋሚ
ቁሩ ገብ-ገብ እናበሎ ሻሽ ተዓማሚ፣

ሚኒስተር።-
ሚኒስተር ጠበንጃ ኣይናቱን'ያ ተልሽ'ዩ ዕጥቁ
ብሚእቲ ኤውሮ ኣፈኛ ንምኺን ኣጽዲቑ
ሚኒስተር ኣይፈለጦን
ብኣጽዋር ክዋጋእ ኣይሰለጦን
ተንኮበት መሪጹ ኣጥቢቑ
ኣኸቢቡ ከዝሮ ኣድቂቑ
120 እንተመሰለሉ ጸቢቑ
ኣብ ሞንኮቡ ክሰቕሎ ኣምቢሂቑ
ሓሽኡ ሚኒስተር ሕልሚ ኣኽፊኡ ኣርሒቑ፣

ሚኒስተር።-
ሚኒስተር መዚኑ ኩናት ከካይድ ብተንኮበት
መንግስቲ ከውድቕ ሓሲቡ ቡኡነት
እንተ ንሱ ንባዕሉ ከም ዘይሓልፍ
ውሉድ ወለዶኡ ሰሪዑ ከምዘየሰልፍ
ኣሚሙ ኢዩ መጺኡ ብዘይተረፍ
ብሚእቲ ኤውሮ ኣፈኛ ኮይኑ ከህተፍትፍ፣

ሚኒስተር።-
ሚኒስተር ሓሊፉ ናብ መዓስከር
ሓዲሩዋ ተልሽ ሓደ-ብሓደ ክቖጽር
ቁሊሕ እንተበለ ካብ'ቲ ብዝሒ ናይ ሰብ
እልቢ ዘይብሉ ቁጽሪ ኮይኑዎ ተንኮበት
ንሓደ ሰብ 10 በጺሕዎ ብዘይሕንከት
ተልሽ ኮይኑ ህይወት ዘይብሉ ዘይክሰብ
ሚእቲ ኤውሮ ሽግር ኣምጺኣ ሰበብ
ሚኒስተር ሃሊሉ እንዶ ግዳ ብዘይጥበብ፣

ሚኒስተር ዎ ሚኒስተር።-
ሚኒስተር ምክልኻል መዓስከር ተልሽ
ንዓ ድኣ ናይ ሰብ ልቢ ሓዝ መንገድኻ ኣልሽ!!!

ነጋሲ ጸጋይ